# ውሳኔ ህዝባዊ ኣኼባ ኡምዮን ከባቢኣን

ንሕና ኤርትራውያን ተቐማጦ ኡምዮን ከባቢኣን ብዕለት 18.02.2012 ነቲ ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተበየነ እገዳ ቁጽሪ 2023/2011 ንምኹናን፡ ሽማግለ መኸተ ኡምዮን ከባቢኣን ብዝጸውዖ መሰረት ሰፊሕ ኣኼባ ኣካይድና።

እገዳ ቁጽሪ 2023/2011 ልክዕ ከም እገዳ ቁጽሪ 1907/2009 ኣብ ሓሶትን ፍጹም ምህዞን ስርዓት ወያነን ምምሕዳር ኣሜርካን ተመርኩሱ፡ ብመገዲ እቲ ብጸላእቲ ኤርትራ ዝተመዘዘ "ናይ ኤርትራን ሶማልያን ሞኒተሪንግ ግሩፕ " ኣቢሉ ብዝተፈብረኸ ድራማ ምኳኑ ክንከታተሎ ዝጸናሕና ጉዳይ እዩ።

ነቶም ካብ ግዜ ናይ "ነይቶት ኩናት" ሶማልያ ጀሚሮም፡ ክሳብ ሕጂ ንሶማልያ ከም ሃገር ንኸይትቕውም ወተሃደራዊ ምትእትታውን ወራርን ኣብ ልዕሊ ሶማልያ ዘካይዱ ዘለዉ ምምሕዳር ኣመሪካን ወያነን ኬንያን ካልኦት ጎረባብቲ ሃገራትን ገዲፍካ፡ ነቲ ኣብ ሃገራዊ ቁጠባዊ ህንጸት ተጸሚዱ ዘሎ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፡ እገዳ ምግባር ከኣ ናይ ፍትሒ ግርምቢጥ ጥራይ ምኻኑ ብምግንዛብ ነዚ ዝስዕብ ውሳኔታት ነሕልፍ።

- ባይቶ ጸጥታ ነቶም ናይ ብሓቂ ሃወኽቲ ናይ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንምፍላጥ፡ ኣብ ክንዲ መሳርሒ ምምሕዳር ኣሜርካን ስርዓት ኢትዮጵያን ኮይኑ ዘሎ ናይ "ኤርትራን ሶማልያን ሞኒተሪንግ ግሩፕ" ካልእ ዘይሻራዊ ናይቲ ዞባ ሞኒተሪንግ ግሩፕ ክመዝዝ ንጽውዕ።
- ባይቶ ጸጥታ ንኽልቲኡ ብይን እገዳታት 1907/2009ን 2023/2011 ኣብ ፍጹም ሓሶትን ፈጠራን ጸላእቲ ኤርትራ ተሞርኩሱ ዝተበየነ እገዳ ስለዝኾነ ብህጹጽ ክልዕሎ ንጽውዕ።
- ሃገራት ኢጋድ መሳርሒ ኣዕናዊን ሓንካሪን ናይቲ ዞባ ኮይኑ ናይ ዘሎ ምምሕዳር ኣሜርካ ምኳን ገዲፈን፡ ንህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘቀራርብ ነጻ ፖለቲካ ክኽተላ ነተሓሳስብ።
- ስርዓት ወያነ ንውሳኔ ናይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ናይ ዶብ ኮምሽን ብይን ጥሒሱ ካብ ሉዕላዊ መሬት ኤርትራ ምውጻእ ምእባዩ ንኹንን።
- ባይቶ ጸጥታ ሓላፍነቱ ብምስካም ሕጋዊ ውሳኔ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ግብሪ ንምውዓል ንስርዓት ወያነ ካብ ልኣላዊ መሬት ኤርትራ ክወጽእ ክገድዶ ንጽውዕ።
- መንግስቲ ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን ሰራዊት ምክልኻሉን ኣብ ዘካይድዎ ዘለዉ ንሉዕላውነት ሃገር ንምክልኻልን, ቁጠባዊ ሕውየትን, ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስን፡ ኣብ ጎድኖም ደው ብምባል ካባና ዝሕተት ዘበለ ሃገራዊ ጉብኣትና ክነማልእ ምኻና ቃል ንኣቱ።
- ኣብ መወዳእታ ንኣብ ደገ ዝዓብዩ ዘለዉ መንእሰያትና ታሪኽ ሃገሮምን ጅግንነት ወለዶምን ፈሊጦም ብመንነቶም ዝኾርዑ ዜጋታት ንምግባርም ዝከኣለና ክንገብርን፡ ንሻሙናይ (8ይ) ዋዕላ መንእሰያት ኣብ ሽወደን ንምዕዋት ክንጽዕር ምኻና ቃል ንኣቱ።

መኸተና ጸላእትና ኣለሽ ክሳዕ ዝብሉ ቀጻሊ ኣዩ

ክብርን ሞጎስን ንስውኣትና

ዓወት ንሓፋሽ

18.02.2012 ህዝባዊ መኸተ ኡምዮን ከባቢኣን